ክዳነ ምሕረት (16 የካቲት)
ካብ መጽሓፈ ስንክሳር (1991 ዓ. ም.) ብማ. ሓዋርያት ፍሬ ሃይማኖት፥
ኣብ ኣሥመራ ዝተሓትመ
ብኣባ ቪቶርዮ ናብ ትግሪኛ ተተርጕመ።



*ሰላም ሰላም ለዝክረ ስምኪ ሓሊብ፤*
*እንተ ይሰርብ ኣልባብ።*
*ማርያም ድንግል ርግበ ሰለሞን ጠባብ።*
*ሴስየኒ እክለ ጥበብ ኢይቅትለኒ ረኃብ።*
*እምኵሉ ምግባረ ጽድቅ ይኄይስ ውሂብ።*

*ሰላም ለዝክረ ስምኪ ዘመንክር ጣዕሙ፤*

*ለወልድኪ አምሳለ ደሙ*
*መሠረት ሕይወት ማርያም ወጥንተ መድኃኒት ዘእምቀዲሙ*
*ኪያኪ ሠናይተ ዘፈጠረ ለቤዛ ዓለሙ፦*
*እግዚኣብሔር ይትባረክ ወይትአኰት ስሙ።*

*ልብኪ የዋህ ዘኢየአምር ተበቀሎ ለኃጥእ እምተኃጕሎ፤*
*ተሣሃልኒ ድንግል ዘልማድኪ ተሣህሎ*
*ምንተ እነግረኪ ውስተ ልብየ ዘሀሎ፤*
*እስመ አንቲ ተአምሪ ኅዘንየ ኰሎ።*

*ከመ ከማኪ ማርያም ኢያፈቅር መኑ*
*ኢነብያተ ወኢጻድቃነ*
*ማርያም ኪያኪ እስመ ረሰይኩ ፀወነ፤*
*እንበለ ምግባር ተራድእኒ ፍጡነ፤*
*ምግባርየሰ ኃጤተ ኮነ።*

*ኢትድግኒ ዐቂበ ኵሎ መዓልተ ወሌሊተ*
*ኀበ ሖርኩ ፍና ወኀበ ኀደርኩ ቤተ*
*ማርያም ድንግል ዘትመግቢ ነፍሳተ*
*በልብስ ወበሲሳይ ኢታርእዩኒ ነዴተ*
*እስመ ቍር ወረኃብ ያረስዕ ጸሎተ።*

*ኃበ ሖርኩ ማርያም ሖሪ - ወኀበ ኀደርኩ ኀደሪ*
*ኀበ ነበርኩ ንብሪ - ማርያም ድንግል ዘተናገርኩ ሥመሪ።*
*የማነ እዴኪ በላዕሌየ አንብሪ።*
*እለ ይፃረሩኒ ተፃረሪ፤*
*ወምክሮሙ ዘርዝሪ።*

13. እግዚእትነ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ተዘካራ ንዚገብርን፥ ስማ ንዚጽውዕን፥ ዚስተ ማይ ዝሑል እውን ይኹን ንምጽዋት ኢሉ ንዚህብን ካብ ወዳ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብዝገበረትሎም ኪዳን ምሕረት በዚ መዓልቲዚ ኵሎም ዘመደ ክርስትያን በዓል የብዕሉ።

14. ወዲ እዛ ቅድስቲ እግዚእትነ ማርያም ድንግል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ንጹሕ ሥጋኡ ካብኣ ወሲዱ፥ ናይ ወዲ ሰብ ሕጊ ኵሉ ፈጺሙ፥ ብፍቃዱን ፍትወትቱን ምእንቲ ድኅነትና ሥቃይ መስቀል ምስ ኣሕለፈ፥ እሞ ነዲኡ ድንግል ማርያም ኣብ ቤት እቲ ዚፈትዎ ረድእ ዮሓንስ “እንሀት ኣደኻ፥ እንሆ ወድኺ” እናበለ ሕድሪ ኢሉ ድሕሪ ኣማሕጺኑዋ ናብ ሰማይ ዓረገ ። ካብ ሽዑ እግዚእትነ ማርያም ኣብኡ ኰይና ክትጽሊ ናብ መቓብር ወዳ ናብ ጎልጎታ ወትሩ ትኸይድ ነበረት።

15. ኣይሁድ ኪርእዩዋ እንከለዉ ሕርቃንን ቅንኣትን ይሓድሮም ነበረ እሞ ብዳርባ እምኒ ኪቀትልዋ ሓሰቡ። እግዚኣብሔር ግና ካብ ዓይኖም ሰወራ። ድሕሪኡ ንሳቶም ተማኺሩ እሞ፦ ካልኣይ ጊዜ ኣብኡ ንከይትበጽሕ ሓለውቲ መቓብር መረጹ። ንሳ ግና

ብርሃን ክብሪ ወዳ ይሥውራ ስለ ዝነበረ ናብ መቃብር መዓልቲ-መዓልቲ ምኻድ ኣየቋረጸትን።

16. መላእኽቲ ናብኣ መጺኦም ኵሉ መዓልቲ የገልግልዋ ነበሩ። ጐይታና ክቡር ወዳ ከኣ ኵሉ ዝደለየቶ ፍቃዳ ወትሩ የማልኣላ ነበረ።

17. መላእኽቲ ናብ ሰማያት ዜብጽሕዋ መዓልትታት ነበረ፤ ቦታ ዕረፍቲ ጻድቃን ኣብርሃምን ይስሓቅን ያዕቆብን የርእዩዋ፥ ነፍሳት ኣበው "ሥጋኺ ካብ ሥጋና፥ ዓጽምኺ ካብ ዓጽምና ንዓኪ ዝፈጠረልና እግዚኣብሔር ክብሪ ይኹን። ብኣኺ ምድኃን ረኺብና፥ ወልደ ኣምላኽ ካባኺ ሥጋ ስለዝለበሰ፥ ሳላኺ ድኅነት ረኺብና፥ ወደብ ሕይወት ካብ ጥፍኣት እውን ኮንክና ኣሎኺ" እናበሉ ይቕበሉዋ ነበሩ።

18. ካብኡ መላእኽቲ ናብ ፍቁር ወዳ ናብ መንበሩን ኣብጽሑዋ ንየማንን ጸጋምን ብእሳት ዚሽፍኖ መጋረጃ ተኸፍቱ እሞ ጐይታና ብኢዳ ሒዙ ሰዓማ "ኣደይ ወላዲተይ መጺእኪዶ?" ናብ ቦታ ክብረቱ ሰማይ ወሰዳ እሞ ብየማኑ ኣንበራ፥ ዓይኒ ሰብ ዘይርእዮን እዝኒ ዘይሰምዖን ኣብ ልቢ ሰብ ድማ ኪሓድር ስ\ዘይክእል ቦታ ኣሰናድዩላ ምህላዉ፥ ሓጐስን ትፍስሕትን ንልቢ ዜረስርስን ብሥራት ተዛረባ ።

19. ካብ ትሕቲ መንበረ ክብረቱ ኰይና ንኣቦኣ ዳዊት፥ ንጉሥ እስራኤል ምስ ኵሎም ማኅበር ነብያትን መላእኽትን መንፈስ ጻድቃንን፥ ኣኽቢቦምዋ ኪውድሱዋን ረኣየት። ዳዊት ብመሰንቆ ገይሩ "ንጉሥ ጽባቐኺ ፈትዩዎ ኣሎ፥ ንሱ ድማ ጐይታኺ ኢዩ ኣሞ፥ ጓለይ ስምዒ ረኣዩን እዝንኺ ከኣ ጽን ኣብሊ፥ ሕዝብኽን ቤት ኣቦኽን ረስዒ፥" እናበለ ኪዝምረላ ረኣየቶ።

20. ካብኡ መሊሶም መላእኽቲ ሽፉን ጽልመት ንሸይጣንን ንመልእኽቱን ብመንገዱ ንዚኸዱን ዝተሰናደወ መካን ኵነኔ ኬርእዩዋ ወሰዱዋ።

21. እግዚእትነ ማርያም "ወይ ኣነ! ኣብዚ ምእንቲ ከይመጹስ ንደቂ ሰብ መን ኮን ኪነግሮም ኢዩ?" እናበለ ኣበርቲዓ ተቖዝም ነበረት። መልኣኽ ግና "ኦማርያም ኣይትፍርሒ፥ እግዚኣብሔር ምሳኺ ኢዩ" እናበላ ኣጸናንዓ።

22. ሽዑ መልእኽቲ ጸይሮም ናብ ቦታኣ መለሱዋ። ካብቲ መዓልቲ ማርያም ብኵነታት ሓጥኣን ተተንኪፋ ብሓዘን ተበሊዓ ትነብር ነበረት።

23. ብዕለት 16 የካቲት እግዚእትነ ማርያም ናብ ቀራንዮ ቦታ ተረኺበት፥ ናብ ፍቁር ወዳ "ወደይ ብእግዚኣብሔር ኣቦኻ ከምሕለካ፥ ብክርስቶስ ስምካ ከምሕለካ፥ ብጸራቅሊጦስ መንፈስካ፥ በቲ ሰማያትን ምድርን ክጸረካ ዘይከኣሉን፥ መላእኽቲ ኪቀርቡኻ ዘይክእሉን እንከለዉ ን9 ኣዋርሕን 5 መዓልትን ብዝፆረካ ከርሠይ ከምሕለካ።

24. ካባይ ብዘይ ሥቃይ ስለዝወጻእካ፥ ድንግልናይ ከየፍረስካ ስለዝተወለድካን፥ ማሓለለይ፥ ኣጥባተይ ጡቢኻ ስለዝዓበኻ ምእንቲ ዝሰዓማኻን ከናፍረይ፥ ምእንቲ ተን ዝሓቘፋኻ ኣእዳወይ፥ ምእንቲ 'ተን ምሳኻ ዝተዋፈራ ኣእጋረይን ኢልካ ምእንቲ'ቲ ዝደቀስካሉ ጎልን ምእንቲ'ቲ በጭርቕቲ ምሽፋንካን መሓለለይ፥ ኦፍቱው ወደይ ክልምነካን ከማልደካን ድምጺ ልመናይ ክትሰምዓንን ናባይ ክትመጻንን ኣብ ልበይ ዘሎ ክትፍልጽምለይ ከምሕለካ።" እናበለት ለመነቶ።

25. ከምዚ ገይራ ኣምሪራ ክትልምኖ ምስ ረኣየ፥ ጐያታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ዜኽብቡዎ እልፊ ኣእላፋት መላእኽትን ሒዙ ናብኣ መጸ እሞ
"ኦማርያም ወላዲተይ እንታይ ክገብረልኪ ትደልዪ?"

26. ማርያም ድማ ኣፋ ከፊታ “ወደይን ፍቁረይን፥ ጐይታይን ኣምላኸይን መድኃኒየይን፥ ተስፋይን፥ ጸግዐይን፥ ኣባኻ ፥ ኣባኻ ፀኒዐ፥ ኣብ ከርሲ ኣደይ ኣብቲ ዝኸደንካኒ ማኅጸንን ተወኪለ፥ ኾሉ ሳዕ ከየቋረጽኩ እዝክረካ።

27. ሕጂ ከኣ ልመናይ ስምዕ። ኣነ ኣደኻን ኣገልጋሊትካን ምእንቲ’ቲ ተዝካረይ ዚገብርን፥ ቤተ ጸሎተይ ዚሃንጽን፥ ንዝዓረቐ ዚኸድንን ንሕሙም ዚበጽሕን፥ ንጥሙይ ዜብልዕን፥ ንጽሙእን ዜስትን፥ ንዝሓዘነ ዜጸናንዕን፥ ንዝመረሮ ዜሕጕስን፥ ናተይ ውዳሴ ዚጽሕፍን፥ ንውሉዱ ብሽመይ ዚጽውዕን፥ ኣብ በዓላተይ ድማ ማኅሌተይ ንዚዝምርን፦ ካባኻ ብዚመጽእ ጽቡቕ ጻማ ግብረለኡ፥ ዓይኒ ዘይረኣዮ፥ እዝኒ ዘይሰምዖ ኣብ ልቢ ሰብ ድማ ሓዲሩ ዘይፈልጥ ዓስቢ ሃቦ።

28. ብናተይ ኣማልድነት ንዚኣምን ኣብኡ ንዚውከልን ፥ ምእንቲ እቲ ኵሉ ምሳኻ ዝረኸበኒ ጥሜትን ጽምእን ዓፀባን ኢልካ፥ ካብ ግዝኣት ሓጢኣት ናጻ ክትብሎ እልምነካ።

29. ሽዑ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዚ ኢሉ መለሸላ፥ “ከምቲ ዝሓተትክዮ ይኹነልኪ፥ ዝለመንክዮ ዘበለ ኵሉ ከኣ ክገብረልኪ ኢየ፣ ካባኺዶ ኣይኮንኩን ሰብ ዝኾንኩ፥ ኪዳነይ ከምዘይሕሱ ብገዛእ ርእሰይ እምሕለልኪ ኣሎኹ።
ጸሎታን በረከታን ምሳና ይኹን ንዘለዓለም ዓለም ኣሜን።

*ሰላም ለኪ መጽሓፈ ሕግ ወኪዳን፤*
*ኣምሳለ ፪ኤ ጽላተ እብን፤*
*ላዕለ ጸውዑ ስመኪ ውስተ ገጸ ኵሉ መካን፤*
*ርኅርኅተ ልብ ለኃጥኣን ርኅርኅተ ልን ለኅዙናን፤*
*ርኅርኅተ ልብ ለግፉዓን ማርያም ኣማን።*

*ኣምሳል ፪ተ ቀጸላ እምኒ*
*መጽሓፍ ሕግን ኪዳንን ዝኾንኪ ማርያም ሰላም።*
*ነቶም ኣብ ኵሉ ማዕከናት ኰይንኪ ስምኪ ዚጽውዑን*
*ኣጥኣን ትርኅርኂሉ ንስኺ፥ ንኀዙን ትርኅርኂሉ ንስኺ*
*ብሓቂ ማርያም ንግፉዓት በዓልቲ ርኅሩኅ ልቢ ንስኺ።*

መጽሓፈ ተአምረ ማርያም (ኣ.ኣ. ፲፱፻፹፰ ዓ.ም.) ብተስፋ ገብረ ሥላሴ ዝተሐትመ፦ ብዛዕባ ኣመጻጽኣ ኪዳነ ምሕረት ተዛሪቡ ምስ ወደኣ ከምዚ ኢሉ ኣስተንትኖኡ ይቕጽል፤ (ገጽ 273 ቍ. 22 - 33)

22. ንዑ ፍረ ማሕጸን ጸጋኣ ንእግዚእትነ ቅድስት ድንግል በ፪ኤ፥ ማርያም ወላዲተ ኣምላክ ተመልከቱ፥

23. ኦፈተውታ ሽማ ብምጽዋዕ ኣብ ምድርን ኣብ ሰማይን ንዘለዉ ኵላቶም ንኬድኅን እዚ ዜሕጕስ ኪዳንን ዚገርም መንክርን ማኅላን ጐይታና ኵሉ ጽቡቕን ሕሩይን ዘበለ ዚሕዝን ክትርእዩ ንዑ።

24. ሕግታት ንዘይሓለዉን ጽቡቕ ሥራሕ ንዘይገበሩን ሓጢኣተይናታት ድኅነት ኪእወጀሎም ኣንከሎ ዚገርም ፍትሒ ኢዩ፥

25. እዚ ግን ብስም እግዚእትነ ማርያም ድንግል በ፪ኤ፥ ማርያም ወላዲተ ኣምላክ ዝተፈጸመ ኢዩ።

26. ሽማ ኪለዓል እንከሎ ጽንዓት ሰማያትን ግዝፊ መሬትን ክሳብ መሠረታት ሲኦል የንቀጥቅጡ።

27. መንገብገብ ክንፍታት መላእኽቲ ከይተረፈ ብስንባዴ ከም ንፋስ ዝሃረሞ ቈጽሊ ኰይኑ ይህወኽ።

28. እዚ ሽም እዚ ኪለዓል እንከሎ፥ ኣሽንኳይ ፍጡራንስ እቲ ኵሉ ሥልጣን ኣብ ኢዱ ዝሓዘ ጐይታናን፥ ንሓጥእ ርትዒ ፍርዱን ቍጥዓኡን ኪገልጸሉ ኢሉ ኣብ ቅድሜኡ ምሰቐሞ፥ ሽማ ንድንግል ማርያም ኪጽዋዕ ምስ ሰምዐ ነቲ ብቀለም ዝተሓትመ ኪዳን ኣብ ገጽ ሓጥኣን ምስረኣዮ፥ ዓውዲ ፍትሒ ገዲፉ ናብ ዓውዲ ምሕረት ይምለስ።

29. ኣታ ከማይ ኃጥእ ዝኾንካ ኃወይ ካብ ሕጂስ ነተን 16 ሕግታት እግዚኣብሔር እናፈጸምና ኣገልገልቲ እግዚእትነ ማርያም ንክንከውን ንበራበር። ምኽንያቱ ንሱስ ኣብ ዕፀ መስቀል እንከሎ “ነያ እመክሙ ወእግዝእትክሙ” “እንሐት ኣደኹምን ንግሥትኹምን” ናበለ ንግስቲ ኪዳን ክትኮነና ንኣዓ ሂቡና ኢዩ።

30. ስለዚስ፥ ዝሕሸና ክብለኩም፥ ኣገልገልቲ ኣደናን ንግሥትናን ማርያም ንክንከውን ንቀዳደም።

31. ከምቲ ትርጉም ስማ ድማ ብሓቂ ናብ ፍጽምና ኣቦታትና ኣገልገልቲ ወዳ ንጹሓን ገይራ ካብ ኣፍ ልቡ ዝተኻዕወ ደሙ ገይራ ተንጽሓናን ትምርሓና፤ ምኽንያቱ ንሳ ብሓጢኣት ንዝረስሐ ተንጽሖ፥ ናብ መንግሥተ ሰማያት ድማ ተብጽሖ ኢያ።

32. ከምኡ እዛ ቅድስትን ንጽሕትን ድንግል በ፪ኤ ማርያም ወላዲተ ኣምላክ ካብ ርስሓት ተጽርየናን ብጸጋኡ ከም መላእኽቲ ኰይና ኣብ ቅድሚ ዙፋን ወዳ ተጠው ተብለና።

33. ጸሎታን በረከታን ምሳን ንዘለዓለም ዓለም ይሃሉ፥ ኣሜን።

